# ኣብ ኣኼባ ገምጋምን ውጥንን 2016/17 ዝተመሓላለፉ ውሳኔታት ፌስቲቫል ስፖርት ስካንዲናቪያን

1. ፌስቲቫል ስፖርት ካብ ሓሙስ 22 - 24 ሰነ 2017 ኣብ ማሽታ/ስቶክሆልም ይካየድ

2. ጋንታ ብግቡእ ቅጥዒ ምዝገባ ክትመልእ፡ንዝኸተል ጸገማት ተሓታቲት እታ ጋንታ ትኸውን።

3. ዕድመ ኩዕሶ እግሪ 07/06፡ 05/04፡ 03/02፡ 01/00፡ 99+ ኢዩ።

4. ጋንታታት 7 manna (12 ዓመትን ንታሕትን) ጸወታ 2 X 20/ 15 ከም ኩንታት

5. ጋንታታት 11 manna (13 ዓመትን ንላዕልን) ጸወታ 2 X 30/ 25 ከም ኩንታት

6. መመዝገቢ፡ 11 manna = 2000 sk, 7 manna = 1000 sk

7. መግቢ ቁርሲ = 40 sk ምሳሕ = 60 sk ድራር = 60 sk

8. መደቀሲ 70 sk ንሓደ ሰብ ንመዓልቲ (210) ን3 መዓልቲ

9. መወዳእታ ዕለት ክፍሊትን ምዝገባን deadline 1jun/ሰነ ድሕሪኡ ኣይንቕበልን

10. ሓንቲ ጋንታ ሕሳባት መመዝገቢ፡ መደቀስን መግብን ኣቐዲማ ክፊላ ምሰረጋገጸት ጥራይ እያ ኣብ ውድድር ክትሳተፍ ትኽእል።

11. ኣገልገሎት ኣብ ሜዳ (ዳስ)ንኹሉ ክፉት ኮይኑ ክፍሊት 1-3 ተኻረይቲ ምስ ዝህልዉ ነፍሲ ወከፍ 7000 sk ካብ 4 ተኻረይቲ ንላዕሊ ምስ ዝኾና 5000 sk ነፍሲወከፍ ተኻራያይ ይኸፍል።

12. መዛዘሚ ፌስታ ካብ ኣልኮሆል መስተ ነጻ ኮይኑ ብሽማግለ ክዳሎ

13. ሓሙስን ዓርብን መራሕትን ኣሰልጠንትን ዝርክብዎ ርክብ ግድን ምክያድ

14. ነፍሲ ወከፍ ተኻፋሊት ከተማ ናይ ትድቅሰሉ ክፍሊ 500 skr ትሕጃ ናይ ጽርየት ንሽማግለ ተትሕዝ፡ ጽርየት ብሽማግለ ቅቡል ምስ ኮነ ትሕጃ ገንዘብ ይምለስ

15. መኽፈቲ ስነስርዓት ሓሙስ ሰዓት 16.00 ይጅመር

16. ነፍሲወከፍ ጋንታ መንእሰያታ መስተን ድራግን ካልእ ምስ ስፖርት ዝጻረር ጎዳእቲ ነገራት ሒዛ ከይትመጽእን ብሽማግለ ክትቅጻዕ ምኻናን፤ ሓላፍነት መራሕን ኣሰልጣኒ ጋንታን ኢዩ። እዚ ሙሉእ ሓበሬታ ኣቐዲሙ ነታ ጋንታ ክሕበራ ከምዘለዎ።

# ውሽጣዊ ሕጊ ውድድራት ፌስቲቫል

1. ነፍሲወከፍ ጋንታ ኤሪትራዊ ዜጋ ጥራይ ኣብ ጸወታ ተሰልፍ፡ ካብዚ ወጻኢ ምስዝኸውን ጋንታ ካብ ውድድር ትግለፍ።
2. ሓንቲ ጋንታ ክሳብ 18 ተጻወቲ ኣብ መመዝገቢ ቅጥዒ ክትመልእ ትኽእል
3. ተኻፋሊት ጋንታ ብመሰረት ቅጥዒ መመዝገቢ ዕድመ 07/06፡ 05/04፡ 03/02፡ 01/00፡ 99+ ተጻወታ ተመዝግብ
4. ሓንቲ ጋንታ ኣብ ሓደ ጸወታ እንተበዝሐ 1 ተጻወቲ ካብ ክሊ ዕድመ ወጻኢ ክተሰልፍ ትኽእል፡ ኣብነት ኣብ ምድብ ክሊ ዕድመ 05/04፡ 1 ናይ 03 ዕድመ ክጻወት ይኽእል ኣብታ ጋንታ ግን 2-3 ክምዝገቡ ይኽእሉ። ካብ 05 ዕድመ ንታሕቲ ግን ነጻ ኢዩ።
5. ተወዳዳሪት ጋንታ ኣብ ሰዓታ ኣብ ሜዳ ትርከብ። 15 ደቒች ምስ እትዱንጊ ብፎርፋይት ትሰዓር።
6. ሓንቲ ጋንታ ብዘይ ኣገባብን ብዘይርዱእ ምኽንያትን ውድድር ምስ እተቛርጽ እሞ ነቲ ውድድር ብሕማቕ ምስዝጸልዎ 1000sk ትቕጻዕ፡ ነታ ጋንታ እትውክል ኮሚቴ ስፖርት ከተማ ትኸፍሎ። ኣብ ቀጻሊ ፌስቲቫል ናይ ምስታፉ ብኣዋሃሃዲት ሽማግለ ይወሰን።
7. ጊዜ ውድድር 2X30 ንልዕሊ 18 ዓመት። 2X20 ንትሕቲ ዕድመን 7manna ኣብ ፍጻሜ ግጥም 90 ደቒቓ ንልዕሊ 18 ዓመት፡ ንትሕቲ 18 ድማ 60 ደቒቕ። ምስዕዓር ግድን ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ ብፍጹም ቅላዕ ይውዳእ፡ ጊዜ ምውሳኽ የለን።
8. ነፍሲወከፍ ተጻዋታይ ናይ ጉድኣት መከላኸሊ(Benskydd)፡ ቁጽሪ ዘለዎ ማልያን ክኽደን ይግደድ።
9. ነፍሲወከፍ ጋንታ 2 ዝተፈላለዩ ማልያታት ክህልዋ፡ እንተዘይኮይኑ እትኽደኖ ሕብሪ ማልያ ንኣዳላዊ ኣካል ብጊዜ ከተፍልጥ ከምዘለዋ። መታን ፍታሕ ክዳሎ።
10. መኽፈቲ ስነስርዓት ልክዕ ሰዓት 16.00 ስለዝጅመር ጋንታ ተዳልያት ትርከብ፡
11. ነፍሲወከፍ ጋንታ ኣብ መኽፈቲ ሰነስርዓት ሙሉእ ዕጥቂ፡ ናታ ስምን ባንዴራ ኤርትራን ናይ ዝመጻትሉ ሃገር ባንዴራን ሒዛ ኣብ ሜዳ ክትኣቱ ይግባእ። ልዕሊ ኹሉ ግን ሙሉእ ዕጥቂ ዘይገበረት ጋንታ ኣብ መኽፈቲ ስነስርዓት ክትኣቱ ኣይፍቀድን
12. ኣብ ጊዜ ውድድር ብናይ ሜዳ ሕጊ ማለት ብዳያኑ ዝዋሃብ ውሳኔን ናይ ሜዳ ሓለፍቲ ዝህብዎ ርእይቶን ውሳኔን ይጸንዕ። ዕግበት ምሰዘይህሉ ንኣዳላዊ ኣካል ምኽሳስ ይካኣል።
13. ዝኾነ ኣላይ ጋንታ ወይ ኣሰልጣኒ ብዘይ ናይ ዳኛ ፈቓድ ኣብ ሜዳ ምእታው ክልኩል ኢዩ። ዳኛ ካብ ሜዳ ወጻኢ ምስዝብሎ ክወጽእ ከምዘለዎ።
14. ዝኾነት ጋንታ ተጻዋታያ ምስዝጉዳእ እሞ ናብ ሆስፒታል ምዝኸይድ ምስናይ ናታ ኢዩ። ካብ ሽወደን ወጻኢ ዝመጻ ጋንታታት ኣዳላዊ ኣካል ሓጋዚ የዳሉ።

15. ካብ ሽወደን ወጻኢ እትመጹ ጋንታታት ኣብዚ ክትሕከምሉ ትኽእሉ ሰነድ ወይ ካርድ ኣዳሊኹም ክትመጹ ይግባእ።
16. ናይ ኣለይትን ኣሰልጠንትን ጋንታታት ምስ ኣዳላዊ ኣካል ዝግበር ዕለታዊ ገምጋም ኣኼባ ሓሙስን ዓርብን ሰዓት 22.00 ብዕቱብ ይካየድ።
17. ኣብ መደቀሲ ክፍሊ መሳኹቲ ክዕጾ ይግባእ። ነገራት ምስዝጠፍኡ ኣዳላዊ ኣካል ተሓታቲ ኣይኮነን።
18. ኣብ መደቀሲ ዝርከብ ኣቑሑ ብጥንቓቐ ክተሓዝ ኣለዎ። ዘበላሸዎ ኣካል ተሓተቲ ይኸውን።
19. ኣብ መደቀሲ መግቢ ሒዝካ ምኻድ ኣይፍቀድን። ጽርየት ክሕሎ ከምዘለዎ። ድሕሪ 23.00 ጸጥታ ክህሉ። ናይዚ ኹሉ ተሓታቲ መራሕ ጋንታ ኢዩ።

**መተሓሳሰቢ፡** ነዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ሕግታትን ካልእ ምስ ስፖርት ዝተሓሓዝ ሰነስርዓትን ጽቡቕ ስፖርታዊ ሰነምግባርን ኣብ መንእሰያትና ክሰርጽ ሓለፍትን ኣሰልጠንትን ልዕሊ ማንም ስለዝምለከተና ነዚ መልእኽቲ ብጽሞናን ኣብ ኩሉ ኣጋጣሚታትን ብንጹር ንስፖርተኛታትና ክትሕበሩ ብኽብሪ ንምሕጸን።

ኣዋሃሃዲት ሽማግለ ፌስቲቫል ስፖርት

ስካንዲናቪያ/ 2017